ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ኣብ 2017 ዓም በጀት ዓመት ናይ ሰራሕተኛታት ፅዕንቶ ምንካይ ልማዓት ፕሮጀክት ብዝተረከበ በጀት ኣብ ወረዳና ንዝርከቡ ጣብያታት ዘራክብ መንገዲ ማለት እዉን ምስ ማእከል ወረዳና ንምርካብ ብመሰረት ዝተትሓዘ ትልም ካብ ከተማ ሽራሮ ምስ ጣብያ ለምለም ዘራክብ ናይ መንገዲ ስራሕቲ ብመንገዲ ስራሕቲ ተኮናተርቲ ወይድማ ጠቕላላ ናይ መንገዲ ህንፃን ኮንስትርክሽንን ፍቃድ ንዘለዎም ተወዳደርቲ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 19, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 27, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:100000
- ቦታ:ታሕታይ ኣድያቦ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 27, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መንገዲን ድልድልን ስራሕቲን/

1 ናይ 2016 ዓም ዝተሓደሰ ብመንገዱ ተኮናተራይነት ወይድማ ጠቕላላ ናይ መንገዲ ስራሕቲ ህንፀትን ኮንስትራክሽንን ፍቃድ ንግዲ ዘለዎ

2 ተመዝጋቢ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮነ መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዘለዎ

3 ናይ ኮንስትራክሽን ንግዲ ምዝገባ ወረቀት ምስክር ከቕርብ ዝክእል

4 ናይ 2016 ዓም ወርሒ ሰነ ዘርኢ ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ፀብፃብ ዝገበረሉ መረዳእታን ናይ 2016 ዓም ዝተሓደሰ ወረቀት ምስክር መቕረባይነት ከቕርብ ዝክእል

5 ኩሎም ተጫረቲ መከበሪ ጨረታ ዝምለስ 100000 ቅርሺ ብስፒኦ ወይ ድማ ብጥረ ገንዘብ ብስም ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ምምሕዳር ፋይናንስን ከትሕዝ ዝክእል ኮይኑ መከበሪ ጨረታ ዝመለሰሉ ድማ ሰዓራይ ዉዕሊ ምስኣሰረ ይከዉን

6 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ካብ 18/3/2017 ዓም ክሳብ 27/3/2017 ዓም ሰዓት 3:00 ቅድሚ ቀትሪ ካብ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ፋይናንስ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ምምሕዳር ንብረት ክፍሊ ቁፅሪ 2 100 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሰድ ይከኣል

7 ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳይ ሰዓራይ ምካኑ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 5 ናይ ቅሬታ መዓልቲ ኣብ ዉሽጢ ሰለሰተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዉዕሊክኣስር ዝክእል ምካኑ እዉን ክፈልጥ ኣለዎ

8 እቲ ዝሰዓሮ ንብረት ድማ 10 ሚእታዊ ኣብ ኩነታት ዘይተምሰረተናይ ባንኪ ዉሕስና መከበሪ ከትሕዝ ይግባእ

9 ሰዓራይ ዝኮነ ተጫራታይ ሳይት ወይ እዉን እቲ ዝሰርሖ ቦታ ካብ ዝተረከበሉ ዕለት ጀሚሩኣብ ዉሽጢ 75 ተከታታሊ መዓልቲታት ሙሉእ ብሙሉእ ፈፂሙ ከረክብ ኣለዎ ንዚ ዘርኢ ናይ ግዜ ሰሌዳ እዉን ከቕርብ ዝክእል

10 ተጫረቲ ብቕዑ ናይ ስራሕ ልምዲ ዘለዎ ምካኑ ንምርግጋፅ ነዚ መረዳእታ ዝከዉን ቅድሚ ሕዚ ኣብ ሐደ ናይ መንገዲ ፕሮጀክት ስራሕ ድልድልን ተፋሰስን እንተወሐደ ናይ ክልተ ሚሊዩን ቅርሽ ብዝድለ ፅሬትን መጠንን ሰሪሑ ዘረከበ ምካኑ ካብ ዝሰርሐሉ ትካል ናይ ፅሑፍ መረዳእታ ብዋናን ቅዳሕን ከቕርብ ዝክእል
11 ተጫረቲ መከበሪ ጨረታ እንትወሐደ ሐደ ሚሊዩን ቅርሺ ዘለዎም ምካኑ ብኣድራሻ ናይ ቤት ፅሕፈትና ብዝተፅሓፈ ናይ ባንኪ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ደብዳብ ምስ ባንኪ ስተትምነት ከቅርብ አለዋ

12 ተጫረቲ እቲ ስራሕ ብኣግባቡ ንምስራሕ ዝድልዩ ማሽነሪታት ተሽከርከርትን ማለት እዉን ግሪደር ሮሎር ዶዘር ኤክስካቫተር ሎደር ዳብል ካብ ሰርቪስ ሻወር ትራክን ዳምብ ትራክን ሲኖ ትራክ ናይ ባዕሉ እንትሃሊዎ ናይ ዋንነት መረጋገፂ ሌብሪ ተካሪዩዝሰርሕ እንተኮይኑ ድማ ናይ ማሽናትን ተሽከርክርትን ተከራይን መካረየን ዉዕሊ ምስ ናይ ጨረታ ሰነድ ኣተሓሒዙ ከቅርብ አለዎ

13 ኣብዚ ጨረታ ሰዓራይ ዝከዉን ተጫራቲ ናይ መወደእታ ዝተቀመጡ ቴክኒካል መዓቀኒታት ካብ ዘማልኡ ተወዳደርቲ ዉሽጢ ንኩሎም ንታሕቲ ዘመልእዎ ዋጋ ድምር ዝተሐተ ዋጋ ዘቅረበ ተጫራታይ እዩ

14 አፈፃፅማ ክፍሊት ዝምልክት ዝተሰርሑ ስራሕ ብባዕል ሞያ እናተረጋገፁ ተኮናተርቲ ብዝመልኦ ነፀላ ዋጋ እንዳተባዝሐ ክፍሊት ዝፍፀም ይከዉን

15 ኣብቲ ጨረታ ዝቀርብ ወጋ እዚ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን 40 መዓልቲ ዝፀንዕ ይከዉን

16 ዝምላእ ዋጋ ብናይ ኢትዩጰያ ቅርሺ ጥራይ ክምላእ አለዋ

17 ተጫረቲ ዝመልእዎ ሰነድ ጨረታ ብግልፂ ዝንበብ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ዝትሰረዘ እንተሃልዩ ድማ ኣብ ቅድሚቱ ናይ ባዕል ዋና ክታም ክፍረመሉ ግዴታ እዩ

18 ኣብ መወዳደሪ ወጋ ኣብ ነፀላ ዋጋን ኣብ ሐፈሻዊ ዋጋን አፈላላይ ክህልዎ የብሉን ኣፈላላይ እንትሃልዩ ድማ ኣብ ነፀላ ወጋ ዝተመለአ ዝዉሰድ ይከዉን

19 ተጫረቲ ናይ ቴክኒካልን ናይ ፋይናንሽልን ሰነዳት ፖርፎርማ ዋና ኣብ ሐደ ፖስታ ከምእዉን ክልተ ቅዳሐታ ኣብ ካልኦት ዝተፈላለዩ ፖስታት ብምጥቅላላ ኣብ ሰለሰተ ዝተፈላለዩ ፖስታታት ተዓሺጎም ነብስ ወከፎ ድማ ኣብ ዝባኖም ትሕዝቶ ፖስታ ስም ሙሉእ ኣድራሻን ተጫራታይ ዝወዳደረሉ መንገዲ ሰራሕ ፈሉይ ቦታ ብምፅሓፍ ናይ ትካሎመ ሕጋዊ ማሕተም ሓቲሞም ብምድላዉ ደጊሞም ሰለስቲኦም ፖስታታት ኣብ ሐደ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ናይ ተጫራቲ ሽም ሙሉእ ኣድራሻ ዝወዳደሩ ዘሎ መንገዲ ስራሕ ፍሉይ ቦታ ብምፅሓፍ ናይ ትካሎም ሕጋዊ ማህተም ሓቲሞም ብምዕሽግ ቤት ፅሕፈት ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ነዚ ጨረታ ኢሉ ናብ ዘዳለዎ ሳንዱቅ ጨረታ ክሳብ 27/3/2017 ዓም ሰዓት 430 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ዘሎ ግዜ ከእትዉ ይግባእ ኩሉ ሰነድ ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት ሰዓትን ቅድሚ ምእካሉ ናይ መወዳእታ ዋጋ መቅረቢ ሰነዶም ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣደያቦ ነዚ ጨረታ ኢሉ ናብ ዘዳለዎ ሳነዱቅ ጨታ ከእትዉ አለዎም

20 እዚ ጨረታ 27/3/2017 ዓም ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:00 ይክፈት

21 ቤት ፅሕፈትና ካብ ዝቀረበ ዋጋ ናይ ምዉሳክን ምቅናስን መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

22 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0914776902 0914363362

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle